ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ ቤት ፅሕፈት ዞባ ደቡብ ምብራቅ ፍትሒ ካብ መደበኛ በጀት ን2011 ዓ/ም ግልጋሎት ዝውዕል ፅሕፈት መሳርሒ፣ ፅሬት ኣቅሑት፣ ሕትመት ትሕቲ ሓደ ዓመትን ኣናእሽተይ ኣቅሑት ናይ ቢሮ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥሪ 9, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 23, 2011 9:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 23, 2011 9:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ ናይዚ ዘበን ግብሪ መንግስቲ ዝኸፈሉ፣ ንግዲ ፍቃዶም ዘሐደሱ፣ ቲን ቁፅሪ ዘለዎም ቫት ዝተመዝገቡ ምኂኖም መረዳእታ ዘቅርቡ፤

2 ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድ ቦንድ ንፅሕፈት መሳርሒ 3000.00 ፅሬት ኣቅሑት 3000.00 ብሲፒኦ ወይ ብጥረገንዘብ ከትሕዘ ዝኽእል ኦርጂናል ናይ ጨረታ ዶክመንት ብሽምዒ ብዝተኣሸገ ፖስታ ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

3 ኣብ ዘቀረበ ናይ ጨረታ ዶከመንት ኣብ ሕድሕድ ፊርማን ማህተምን ናይቲ ትካል ክህልዎ ኣለዎ።

4 ተጫረታይ ናይ ጨረታ ዶክመንት ዝርዝር ስፔስፊኬሽን እዚ ጨረታ ብድምፂ ወያነ ሬድዮ ካብ ዝተቃልሐሉ ዕለት 08/05/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቅ ፍትሒ ን/ከ/ስ/ዕ/ብምምፃእ ዘይምለስ ብር 50.00 (ሓምሳ ቅርሺ) ብምኽፋል ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ዶክመንት ክሳብ ዕለት 22/05/2011 ሰዓት 3:00 ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ ስራሕ ሰዓት ነዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቅ ምእታው ይከኣል።

5 እቲ ጨረታ ዕለት 22/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 9:30 ዞባ ደቡብ ምብራቅ ፍትሒ ዕ/ፋይናንስ /ተጫረቲ ባዕሎም ወይም ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ይኽፈት።

6 ተጫረቲ ቢሮ ካብ ዘውፅኦ ስፔስፊኬሽን ዝርዝር ወፃኢ ምቅራብ ኣይከኣለን።ካብዚ ወፃኢ ዘቅርብ ውደቂ ይኸውን ከምኡውን ብእርሳስ ክምላእ የብሉን።

7 ጨረታ ሰዓራይ ምስተፈለጠ ውዕሊ መኽበሪ 10% ብምትሓዝ ካብ ውዕሊ ዝኣተውሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ንብረት ኣታዊ ይግበር።

8 እቲ ቢሮ ካብቲ ዝተዘርዘረ መጠን ንብረት ክሳብ 20% ናይ ምውሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ።

9 ጨረታ ሰዓራይ ካብ ዝተገለፀሉ እዋን ጀሚሩ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ የቅርብ።

10 ተጫራታይ ግልፂ ኣብ ዘይኮነሎም ነጥብታት መብርሂ ወይ መመሓየሺ ሕቶ ከቅርቡ ዝኽእሉ ጨረታ ዝኽፈተሉ እዋን ቅድሚ ምብፅሑ ይኸውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 እቲ ቢሮ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ዞባ ደቡብ ምብራቅ/ ፍትሒ/ፋይ/ዕ/ን/ምም/ር ምሕታት ይከኣል።

ስ.ቁ 0342-418898 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle